LANDESHAUPTSTADT

WIESBADEN

# Gesetzliche Bestimmungen für Bezieher von Leistungen
# ሕጋዊ መምርሒ ንተቐበልቲ ሓገዝ/ረድኤት

**nach dem Sozialgesetzbuch Zweites Buch Allgemeines (SGB II)**

**ብመሰረት ውሁብ-ሕጊ ናይ ማሕበራዊ (ሶሻል) ብሓፈሻ ኣብ ካልኣይ መጽሓፍ (SGB II)ዝርከብ**

ንዓኹም/ንዓኽንን ምናልባት'ውን ምሳኹም ንዝነብሩ ቤተሰብኩም ብውሁብ ብሕጊ (SGB II) መሰረት ሓገዝ ክወሃበኩም ሓቲትኩም ኣለኹም።
በዚ ውሁብ ሕጊ ኣብ መጽሓፍዚ ዝተጠቐሰ መሰረት ዝወሃበኩም ናይ ቀረጽ መሰጋገሪ ክፍሊት፡ ኣብ ናትኩም ፍሉይ ቅድመ-ኩነት ማለት ሓላፍነት ዘተኮረ እዩ። ብዛዕባዚ ናትኩም ናይ ምትግባርኩምን ምትሕብባርን ከምኡውን መሰረታዊ ሕግን፥ ብድሕሪኡ ዝመጽእ ሳዕቤንን ሓላፍነትን ንኽነፍልጠኩም በዚ ጽሑፍዚ ንሕብረኩም።
ናይ መወከሲኹም/ዝትግበረሉ ግዜ ብመሰረት (SGB II) ብመሰረቱ ብመሕተቲ ዓንቀጽ (§ 37 SGB II) ጥራይ እዩ ዝትግበር።.
ናይ ሓገዝ እትወስዱሉ ግዜ በቲ ብጽሑፍ ዝወሃበኩም ተቐባልነት ዝተደረተ እዩ። ቅድሚ እቲ መዓልቲ ምውዳቑ፡ ቀጻልነት ናይቲ ክኽፈለኩም ዘድሊ ከም ብሓድሽ ውከሳ ከተቕርቡ ኣለኩም።
ሓተታ ምስ ዘይተቕርቡ ግን ካብቲ ተወሲኑልኩም ዝጸንሐ ግዜ ንደሓር ምንም ሓገዝ ኣይክወሃበኩም እዩ።
ካብዚ ግዜ'ዚ ንደሓር፡ እቲ ናይ ሕክምና/ ናይ መነባበሮ/ ናይ ጡረታ መድሕን ውሕስና ከም ዘይክፈለኩም ነፍልጠኩም።
ናይ ቀጻሊ ክፍሊታት ምስ ዘይህልወኩም ብዝቐልጠፈ ምስ ዝምልከቶም ናይ ክፍሊት ኣካላት ከም እትራኸቡ ግበሩ።

## ሓቤረታ ብዛዕባ ናይ ሕጋዊ ሓገዝ ኣድላይነት
**Hinweise zum Regelbedarf**

ሕጋዊ ሓገዝ ነቲ እንኮን ብቐጻሊ ዘድልን ሓፈሻዊ ንመናባብሮ ዝኾውን ይሽፍን። እዚ ማለት፡ እዚ ሓገዝ እዚ ንምንም ተወሳኺ ጠለባት ከማልእ የብሉን። ብሓፈሻ፡ እዚ ሕጋዊ ሓገዝ እዚ፡ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል።
መግቢ፡ ዘይኣልኮላዊ መስተ፡ ክዳውንቲ፡ ጫማ፡ መኖርያ ቤት (ብዘይካ ናይ ክራይ ተወሳኺ ገንዘብ) ጸዓትን፡ ከምኡውን ናይ ገዛ ውሽጥን ግዳምን ምትዕርራይ/ጽገና። ናይ ገዛ ንብረትን መሰራርሕን፡ ናይ ጥዕና ምእለያ/ምክንኻን፡ መንቀሳቐሲ/ትራንስፖርት፡ ናይ ዜና ምትሕልላፍ/መከታተሊ፡ ናይ ነጻ ግዜ መዘናግዒ: ምይይጥ፡ ባህሊ፡ ትምህርቲ፡ መንበሪ ገዛን ናይ መአንገዲ ወጻኢታትን ካልኦት መስርሒታትን።

ከተስተውዕሉሉ ዘለኩም፡ ነዞም ዝተጠቐሱ ስራሓት ምንም ተወሳኺ ሓገዝ ኣይክፈለኩምን እዩ።

**<u>ሃብቲ ወይ ንብረት</u> -Vermögen -**

ንስኹም ወይ እቲ/እታ ምሳኹም ዝነብሩ ሰባት: ንብረት ወይ ሃብቲ: ምስ ዝህልዋ/ዎ፡ ንናይ ንመነባብረኹም ውሕስና ዝህቡ ኣመሓደርቲ: ናይ ኣልቦ-ስራሕ ተሓጋገዝቲ (Arbeitsuchende) ቤት ጽሕፈት ሓበሬታ ክትህቡን ጭብጥታት ከተቕርቡን ሓላፍነት ኣለኩም።

ንብረት ወይ ሃብቲ ብመሰረት ውሁብ ዝኾነ-ሕጊ ካብቲ ኣብ ግምት ዝኣተወ ንመነባብሮ ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ : ምስ ዝዓዝዝ/ዝበዝሕ

ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ (ካብ:17.04.2010)

| ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ ዓይነት | ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ /ዕድመ | ብውሑድ ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ | ብዝለዓለ ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ |
|---|---|---|---|
| ምሰረታዊ ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ | 150,00 € | ንነፍስወከፍ. 3.100,00 € | 9.750,00 € * ንነፍስወከፍ. ሰባት ቅድሚ: ዕለተ ዓመተ ምህረት 01.01.1958 ዝተወለዱ:: |
| ዝለዓለ ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ ንብቕድሚ: ዕለተ ዓመተ ምህረት 01.01.1948 ዝተወለዱ ሰባት:: | 520,00 € | ንነፍስወከፍ. 3.100,00 € | ንነፍስወከፍ 33.800,00 € |
| ናይ ሪስታ ጡረታ/Riester-Rente/ ብተወሳኺ ኣብ ግዜ ዕብየት/እርጋን: ንመነባብሮ ዝወሃብ ሓገዝ | 750,00 € | ከምዘለዎ ሕሉው እዩ:: ብዘይካ | 48.750,00 € ** ንነፍስወከፍ. ንብቕድሚ: ዕለተ ዓመተ ምህረት 01.01.1958 ዝተወለዱ ሰባት:: |
| ንኣድላዪ ዝኾነ ነገራት ኣብ መዓላ: ንምሽፋን | 750,00 € ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ ንነፍስወከፍ ሰብ | ሓገዝ/ተራድኦ ክወሃቦም ዘለዎም ማሕበረ-ሰባት | |

## ናይ ሓበራዊ-ሓገዝት/ረድኤት ሓገዝቲ
**Bedarfsgemeinschaft**

* እቲ ዝለዓለ ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ ንካብ 31.12.1957 ከምኡውን ቅድሚ 01.01.1964 ዝተወለዱ፡ ስጋኣብ 9.900,00 € ይዓዝዝ:: ነቶም ብድሕሪ 31.12.1963 ዝተወለዱ እቲ ዝለዓለ ዝወሃብ ሓገዛዊ ገንዘብ ይዓዝዝ፡ ማለት. 10.050,00 € እዩ።

** ዝለዓለ ነጻ ክፍሊት ንዝተረፉ ዝተፈላለዩ ዕድመታት ከከም ገምጋም ናይ መሰል ናይቶም ሰባት ነቶም ቅድሚ 31.12.1957 ዝተወልዱ ነቶም ቅድሚ 01.01.1964 ዝተወልዱ 49.500,00 € እዩ። እቶም ድሕሪ 31.12.1963 ዝተወለዱ ዝለዓለ ክፍሊት ማለት 50.250,00 € እዩ።

## ሓበሬታ
**Hinweis**

- ኩሎም እዞም ዝተጠቐሱ መሰረታዊ ዝኾኑ ዝወሃቡ ሓገዛዊ ገንዘብ ነቶም ንልዕለ ዕድመ ዝበጽሑን: ከምኡውን ንብሓባር ኮይኖም ናብራዊ ዝኾነ ሂወቶም ዘካይዱ/ዝኾዕዙ መሰላት ኰይኑ የገልግል።
- እዚ መሰረታዊ ዝኾኑ ዝወሃቡ ሓገዝ ንኣድላዪ ዝኾነ ነገራት ኣብ መዓላ: ንምሽፋን: ክሳብ 750 € ኤውሮ ኰይኑ ንነፍስወከፍ ኣብዚ ናይ ረድኤት ዝወሃቦ ከባቢ ዝነብር በዓል መሰል እዩ።

## ተወሳኺ ነጻ ክፍሊታት
**Zusätzliche Freibeträge**

- ሓደ መሰረታዊ ክፍሊት ናይ 3.100 € ኤውሮ ንነፍስ-ወከፍ ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ መሰል ናይ ረድኤት
  ዘለዎ ቈልዓ።

- መሰል ናይ ገንዘብ ረድኤት፡ ንናይ ብዕድመ ዝደፍኡ/ኣረጋውያን: ሓልዮት ዘገልግሉ፡ እቲ ሰብ ጡረታ ከይኣተወ ከሎ ብናይ ውዑል ምኽንያት፡ መነባብሩኡ ንኽካይድ እሞ ብተወሳኺ ዝለዓለ 750 € ኤውሮ ናይ ዝበጽሖ ነፍስ-ወከፍ ዓመት ዕድመ ናይቲ ክሰርሕ ዝኽእል መጻምድቱ :: ክረድኦ ዘለዎ መጻምድቱ) ኮታ ነፍስ-ወከፎም ካብ 48.750,00 € ምስ ዘይልዕል። ብዝተረፈ እቲ ዝለዓለ ንኻልኦት ብዕድመ ዝደፍኡ/ኣረጋውያን ክፍሊት መሰላት ከምቲ ይልዕል፡ ነቶም ብድሕሪ 31.12.1957 ግን ቅድሚ 01.01.1964 ዝተወለዱ 49.500,00 € ኤውሮ እዩ።

  ነቶም ድሕሪ 31.12.1963 ዝተወለዱ እቲ ክፍሊት ዝለዓለ ኰይኑ ኣብ 50.250,00 € ኤውሮ ይበጽሕ።

## ከም ሃብቲ/ንብረት ኣብ ግምት ዘይኣቱ/ዘይቁጸር።
**Als Vermögen ist nicht zu berücksichtigen**

- ዝተመጣጠነ ናይ ገዛ እቕሑት

- ሓደ መጠነኛ መኪና ንነፍስ-ወከፍ ኣብ ናይ ውሁብ ክውንነት ሕብረተሰብ ዝነብር ክሰርሕ ዝኽእል ናይ ረድኤት/ሓገዝ ዘድልዮ

- ብመሰረት ምሁብ ዝኾነ ናይ ጀርመን ፈደራላዊ ሕጊ፡ ናይ ዕድመ ምድፋእ ሓልዮት/ረድኤት ከከም ናይቲ ሰብ ጠለባትን ዘለዎ ኣታዊታትን ምስኡውን እቲ ንመነባብሮኡ ቀጻሊ ዝኾነ ዝወሃቦ መመላእታን/ Altersvorsorgebeiträge (Riester-Rente, Rürup-Rente, Betriebsrente)

-  ካብ ዋና ከምኡውን ከም ናይ ጡረታ ኣታዊ ተቖጺሩ ዝረአ ድለባ ንብረት ምጡን ደረት ዘለዎ፣ ንቲ ሰሪሑ ዘእትዎ ወይ ድማ ናይ ሓበራዊ መካይድቱ: ካብቲ ናይ ውሕስና ሓላፍነቱ ናይ ጡረታ ውሕስንኡ ምስ ዝማሓር/ነጻ ምስ ዝኾውን፣

-  ሓደ ንገዛእ ርእሱ ዝጥቀመሉ መጠነኛ ግዝፊ ዘለዎ ናይ ቤት/ገዛ መሬት ወይ ንሱ ዝውንኖ መነባብሮ ክፍልታት/ኣፓርትመንት፣

-  ብጭብጢ ዝተመስከረሉ ሃብቲ ተጠቒሙ ብህጹጽ ሓደ መጠነኛ ዝኾነ ናይ ገዛ መግዝኢ መሬት ወይ መሕወዪ እንተደኣ ኰይኑ፣ እሞ እዚ ድማ ንመነባበሪ ናይ ኣካለ ስንኩላን ወይ ረድኤት ዘድልዮም ሰባት ምስ ዝጥቀመሉ ወይ ክጥቀሙሉ ምስ ዝምደብ፣ በዚ ተግባርዚ ምኽንያት ሃብቱ ኣብ ምጥፋእ ዘስግእ ምስ ዝኸውን፣

- ንብረትን መሰልን፣ ብርኡይ ምኽንያት ዘይጠቅም ምስ ዝኸውን ወይ ነቲ ዝምልከቶ ሓደ ፍሉይ ሽግር ዝፈጥረሉ ምስ ዝኸውን። ናይዚ መመጠኒ ድማ ነቲ ከማልኦ ዘለዎ ናይ ምኽፋል ጸገማትን ናይ ስራሕ ምድላይን ዝገጥሞ መሰረታዊ ናይ ህይወቱ ኩነታት እዩ ዘገድስ።

## <u>ብቐዓት ዘለዎ ናይ ክፍሊት ኣገባብ</u>
**<u>Zweckgebundene Verwendung von Leistungen</u>**

እቲ ክፍሊት በቲ ሓጋጊ ኣካል ቅቡል ብዝኾነ ንፍሉይ ኣገለግሎት ንመተግበሪ (ንኣብነት ንመነባበሪ ዋጋ፣ ንመሞቒ ገዛ፣ ናይ ሓደ ግዜ ሓገዝ) ገንዘብ ነዚ ኩሉ ዝሸፍን ክትክእልዎ ሓላፍነት ኣለኩም። እንተዘየሎ ግን ነቲ ዝተገብረልኩም ክፍሊት ብዓንቀጽ § 47 SGB X ምስ ዓንቀጽ § 50 SGB X መሰረት ከም ትኸፍሉዎ ክግበር ይከኣል ይኸውን።

## <u>ናይ ሕማም፣ ክንክንን ጡረታን ውሕስነት</u>
**<u>Kranken-, Pflege- und Rentenversicherung</u>**

ናይ ስራሕ-ኣልቦ ገንዘብ II /Arbeitslosengeld II/ ምቕባል፣ ነቲ ህልው : ኣብ ቦትኡ ዝነበረ ሕጋዊ ዝኾነ ናይ ሕማምን ክንክንን ናይ ውሕስና ሓላፍነት ዝነበረ : ከም እንደገና ሓድሽ ምዝገባ ከም ዘድሊ ናይ ግድን ይኾውን። እቲ ካብ ናይ መሰረታዊ ውሕስና ወሃቢ ኣካል: ናብ ፈደራላዊ- ናይ ውሕስና ቤት ጽሕፈት: ወርሓዊ ክፍሊታት የመሓላልፍ። ምምዝጋብ ናይ ሓላፍነት ውሕስና ኣብቲ ነፍስወከፍ ሓላፍነት ዝተሰከሙ ሕጋዊ ናይ ሕማም ኩነታት ንምስልስል ቤት ጽሕፈት ይፍጸም። ብመሰረቱ ስድራ ቤታዊ ዝኾነ ናይ ክንክን ጥዕና ውሕስና ምስ ዝህልው: ተወሳኺ ዝኾነ ክፍሊት ኣድላይነት የብሉን። ይኹን ደኣምበር ከም ስድራ-ቤታዊ ኣካል ኣብቲ ሕጋዊ ናይ ስድራ ቤታዊ ናይ ክንክን ጥዕና ውሕስና ቤት ጽሕፈት ከም እንደገና ክትምዝገቡ ናይ ግድን ይኸውን። እቲ ናይ ክንክን ጥዕና ውሕስና ሓታቲ ኣብ ናይ ግሊ ሓላፍነት ወሃቢ ክንክን ጥዕና ውሕስና ትካል: እንተድኣ ተመዝጊቡ፣ ኣብቲ ሕጋዊ ዝኾነ ናይ ክንክን ጥዕና ውሕስና ወሃቢ ተቐባልነት የብሉን። ይኹን ደኣ እምበር ብተወሳኺ: ብመሰረት ውሁብ ዝኾነ ሕጊ -ዓንቀጽ § 26 SGB II ነቲ ናይ ግሊ ናይ ክንክን ጥዕና ውሕስና : ንምስልሳል: ብተወሳኺ ብፍሉይ ዝኾነ ደገግፍ/ሓገዝ: ክኽፈል ይከኣል እዩ።
ንሕጋዊ ናይ ጡረታ ውሕስና ኣብ ግዜ ስራሕ-ኣልቦ II /Arbeitslosengeld II/ ዝቐበል ናይ ጸብጻብ ክትገብሩ ሓላፍነት ኣሎ። ፍሉያት ሰባት (ንኣብነት፣ ናይ ትምህርቲ ግዴታ ዘለዎም ቆልዑት) ካብዚ ኣጋባብ/ክውንነት ነጻ ኢዮም።

ዝወሃብ ኣገልግሎት/ገንዘብ ጥራሕ ብለቕሓ ወይ ድማ ብውሁብ ሕጋዊ ዓንቀጽ § 27 SGB II እንተተፈቒዱ ኲይኑ፡ ግዴታዊ ምዝገባ: ኣብ ሕጋዊ ናይ ሕክምና ክንክን ጥዕና ይኹን ኣብ ናይ ጡረታ ውሕስና: ናይ ሓላፍነት ውሕስና ኣየድላይነት የብሉን።
ብሓፈሻ፡ እቲ ናይ ዝተፈቕደ ዝወሃብ ዝነበር ኣገልግሎት ምስ ተወድአ፡ እቲ ሕጋዊ ናይ ክንክን ሕክምና ጥዕን ኮነ፥ ናይ ጡረታ ውሕስና ናይ ሓላፍነት ዘይምህላው እውን የብቅዕ። ስለዚ፡ እቲ ናይ ውሕስና መከላኸሊ ብባዕላዊ-ኣጋባብ ንኽረጋገጽ ናይ ግድን እዩ። ንኣብነት፡ ብናይ ሶሻል/ሓባራዊ ናይ ውሕስና ሓላፍነት ዘለዎ ስራሕ ወይ ብድሌትካ እትገብሮ ናይ ግሊ ውሕስና።

## ናይ ሓደጋ ውሕስና
**Unfallversicherung**

ንስኹም ናይ ሓደጋ ውሕስና ኣለኩም፡ ስለዚ፡ ከኣ ብፍላይ ሃንደበታዊ ዝኾነ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም: ብሁጹጽ ነቲ ዝምልከቶ ትካል : ሓላፍነት ዘለዎ ተሓታቲ ኣካል ክትሕብርዎ/ከተፍልጡዎ ናይ ግድን እዩ።

## ሕማም
**Krankheit**

ንሱኹም: ብሕማም ምኽኒያት: መዓልታዊ ስራሕኩም ምስልሳል/ምክያድ ምስ ዘይትኽእሉ፡ ብዝቐልጠፈ: ብቕጽበት: ነቲ ዝምልከቶ ናይ ስራሕ ሓላፊ: ክትሕብሩ ናይ ግድን እዩ:: እንተደንጒየ፡ ሰለስተ መዓልቲ: ካብቲ ካብ ስራሕ ዘብኰርኩምሉ። ሕቶ ምስ ዝቐርብ እውን: ኣቐዲሙ ካብ መዓስ ከም ዝሓመምኩም ዘመልክት ናይ ሓኪም ምስክርነት ከተቕርቡ ኣለኩም። ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝቐርብ እውን: ብጥዕና ምሳኣን ዝምስክር ናይ መግለጺ ሰነድ ከተቕርቡ ናይ ግድን እዩ::
ተኸፊሎም፡ ኣብ ናይ ግዝያዊ ስራሕ ወይ ልምምድ ዝርከቡ ሰባት እውን፡ ካብ መጀመርያ ዝሓመሙሉ መዓልቲ ኣትሒዞም ናይ ሕማም ብኩራቶም ንኣስራሒኦም ከመልክቱ ከም ዘለዎም፡ በቲ ክኽፍሎም ሓላፍነት ዝወሰደ ትካል ውዑል ወይ ግዴታ ኣለዎም።

## ኣብ ቦታኻ ዘይምህላው
**Ortsabwesenheit**

ብሓፈሻ፡ ከም ተቐባል ኣገልግሎት መሰል ዘለኩም መጠን፡ ብሕጊ SGB II ነቲ ብናይ ስራሕ ቤት ጽሕፈት (ጆብሰንተር/Jobcenters) ናይ ስራሕ ጠለባትን ምኽርታትን ብቕጽበት ንኽትግበር መታን ክረጋገጽ፡ ኣብ ዝተደለኹምሉ ወይ ዝተጸዋዕኩምሉ ክትርከቡ ሓላፍነት ኣለኩም።
ሓደ ዘይተፈቕደ ኣብ ቦታኹም (ኣብታ እትነብሩላ ከተማ) ምስ ዘይትርከቡ፡ እቲ ዝወሃበኩም ናይ ስራሕ ኣልቦ II (Arbeitslosengeldes II) ሓገዝ ምቁራጽን ናይቲ ድሮ ዝተገብረልኩም ናይ ሓገዛት/ኣገልግሎት ዋጋ ክትከፍሉዎን ሳዕቤን ኣለዎ።
እቶም ተቐበልቲ ሓገዛት/ኣገልግሎት ዝረኽቡዎ ኣገልግሎት ከይተቛረጸ፡ ኣብ ዓመት ክሳብ 21 መዓልታት ዝኣክል ካብ ቦታኦም ናብ ካልእ ቦታ ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ።
ኣብ ከምዚ ናይ ተቐበልቲ ኣገልግሎት ዝርከቡ በቲ ወሃቢ ኣገልግሎት ባዕሉ ዝጥቀመሉ ተመጣጣኒ ሕጊ ዝተዋህበ: ዝውሰን እዩ።
ኣብ ቦታኹም ዘይምህላውኩም ምስቲ ዝምልከቶ ኣካል ናይዚ ጉዳይዚ መዛርብትኹም ከተመልክቱን ፍቓድ ክትሕዙን ኣለኩም።
እዚ፡ ካብ ቦታኹም ምልጋስ፡ ነቲ ካባኹም ዝድለ ጠለባት (ከም ነኣብነት፡ ናይ ስራሕ ምጅማር ወይ ናይ ልምምድ ስራሕ (Praktikum)፡ ከምኡውን ሓበራዊ ዝኾነ ዝካየድ ስራሓት ምስ ዝህልወኩም) ዝዕንቅፍ፡ ዘደናጒ ወይ ዝተጀመረ መደብ ከቋርጾ ዘገድድ ምስ ዝኸውን ከይፈቕደልኩም ይኽእል'ዩ።
ኣብ ቦታኹም ምስ ተመለስኩም፡ ብቕጽበት ናብቲ ዝምልከቶ ኣካል ከተፍልጡ ኣለኩም።

ካብ ቦታኹም ርሒቕኩም ካብ ሰለስተ ሰሙን ማለት ካብ ሽዱሽተ ሰሙን ንላዕሊ ዘይበዝሕ ክትጸንሑ ሓሳባት ምስ ዝህልወኩም፡ ብመሰረቱ ክፍቀድ ይከኣል'ዩ። ዝወሃበኩም ክፍሊት ግን ነተን መጀመርያ ሰለስተ ሰሙን ብኩራት ጥራይ እዩ። ካብኡ ንላዕሊ ግን እቲ ሓገዝ ጠጠው ይብል።

ሓደ ካብ 6 ሰሙን ዝያዳ ኣብ ቦታኹም ምስ ዘይትርከቡ፡ ክሳብ ኣብ ቦታኹም ዘይተረኽብኩምሉ ግዜ እቲ ዝወሃበኩም ዝነበረ ክፍሊት ኣይቅጽልን እዩ። ክፍሊትኩም፡ ናብ ቦታኹም ተመሊስኩም ከም ብሓድሽ ምስ እትሓቱ/ተመልክቱ: እቲ ዝወሃብ ዝነበረ ክፍሊት ክቕጽል ዝኽእል።

ካብቲ ዝፍቀደኩም ንነዊሕ ግዜ ኣብ ቦታኹም ምስ ዘይትህልዉ፡ ካብቲ መጀመርያ ብዘይፍቓድ ካብ ቦታኹም ምፍላይኩም ኣትሒዙ ዝወሃበኩም ዝነበረ ሓገዝ/ኣገልግሎት ይቋረጽ ወይ ድማ እንተተኸፊሉኩም ነቲ ዝተኸፍለኩም ክትመልሱዎ ትሕተቱ።

ምስቲ ዝምልከቶ ኣካል: መዛርብትኹም: ምስ ተራኺብኩም፡ ከ እንደገና ክትክፈሉ ይከኣል። ኣብዚ እዋን ኣዚ: ክፍሊት ኣብዘይረኽብኩምሉ ግዜ'ዚ፡ ናይ ሕክምና መከላኸሊ ውሕስና የብልኩምን።

እዚ ግን ነቶም ቅድሚ 31.12.2007 ሓሙሳን ሸሞንተን(58) ዓመት ዕድመ ዝገበሩ፡ እሞ ኽሰርሑ ፍቓደኛታት ከም ዘይኮኑ ዝገለጹ ብመሰረት ውሁብ ሕጊ-ዕንቀጽ (§ 65 Abs. 4 SGB II) ኣይምልከተሙን እዩ። እዞም ሰባት'ዚኦም እናተኸፈሉ ክሳብ 17 ሰሙናት ካብ ንቡር ቦታኦም ለቒቆም ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ። እቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ሓበሬታ ኣድላዪ እዩ።

ናይ ምሉእ ግዜ ሰራሕተኛታት እቲ ውሱን ዝኾነ ክፍሊት  እናተኸፈሉ፡ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ኣብ ዘካይዱሉ፡ ኣብ መንበሪ ቦታኦም ዘይምህላዎም ፍሉይ ፍቓድ ኣየድልዮምን።

ብዓንቀጽ  § 31 Abs.2 Nr.1 SGB II ክሰርሑ ዝኽእሉ ግን ክግልገሉ መሰል ዘለዎም ልዕሊ 18 ዓመት ዝኾኑ፡ ንኣታዊታቶም ወይ ዕቑር ሃብቶም ብሓላፍነቶም ኣትሒቶም ምስ ዝህቡ፡ ናይ ምሃብ ወይ ምልዓል ቅድመ-ኩነት ናይ ስራሕ-ኣልቦ ገንዘብ ክፍሊት ህስያ/ማህሰይቲ ሳዕቤን ኣለዎ።

ናይ ምሉእ ግዜ ሰራሕተኛታት ዘይክፈሉሉ ዕረፍቲ ምስ ዝወስዱ፡ ነቲ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ኣታዊታቶም ቀኒሶም፡ ነቲ መሰል ናይ ስራሕ-ኣልቦ II የልዕልዎ። እቲ መሰል ናይ ዘይክፈልዎ ዕረፍቲ በዚ ምኽንያት'ዚ ነቲ ሓላፍነቶም ብመሰረት ዓንቀጽ § 31 Abs.2 Nr.1 SGVB II ጐዳኢ ይኸውን። ብሰንኩ ድማ እቲ ናይ ስራሕ-ኣልቦ II ብመሰረት ዓንቀጽ § 31a ከምኡውን § 31b SGB II : እንተወሓደ ብሰላሳ ሚእታዊት (30%) ካብቲ ብዓንቀጽ § 20 SGB II ንቡር ኣታዊ ይቕንስ።

እቲ ኣብ ቦታኻ ዘይምህላው እውን ኣቐዲምካ ካብቲ ናይ ምሉእ ግዜ ስራሕኩም ክትሕብሩ ኣለኩም።

## <u>ናይ ሕሳብ መዝገብ ኣገባብ</u>
**<u>Kontenabrufverfahren</u>**

ብሕጊ ናይ ቀረጽ ቅኑዕ ኣቀራርባ ናይ 23. Dezember 2003 (BGBl. 2003 I S.2931) መሰረት፡ እቶም ናይ ቀረጽ ቤት ጽሕፈት  ከምኡውን ካልኦት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ካብ 01. April 2005 ኣትሒዞም ብመንገዲ ፌደራል ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣቢሎም (BZSt) ነቲ ኣብ ባንክ ዘለኩም ሕሳብኩም ክፍትሹ ይኽእሉ። እዚ ናይ ባንክ ሕሳብ ምፍታሽ ሕጋዊ ኣገባባት'ዚ ንመወዳእታ ግዜ ብናይ ኣታዊ ናይ ትካላዊ ኣገባብ ቀረጽ ሕጊ ብ 2008 ዝተዋህበ ውሳኔ ካብ 14. August 2007 (BGBl. I S 1912) ኣትሒዙ ተቐይሩ እዩ።
ናይ ሕሳብ/ኣካውንት ሓበሬታ ኣብ ዓንቀጽ § 93 Abs.7 bis 10 ከምኡ'ውን § 93b ኣገባብ ይካየድ(AO)። ተወሳኺ ሕግታት ኣብቲ ናይ ኣካውንት ምንቅስቓስ ሕጊ (AEAO) ንድፊ  ናይ 31.01.2014 (AEAO) ተታሒዙ ይርከብ።

ንሕና፡ ኣብ ዓንቀጽ § 93 Abs. 9 Abgabenordnung (AO) ሰፊሩ ከም ዘሎ ኣገባብ ከነተሓሳስቦ እንደሊ፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ እንጥቀመሉ ግዜ፡ ከይተገደድና ናይቲ ውጽኢት ወይ ሓበሬታና ክንህበኩም ኢና።

## ተቐባልነት

**Einwilligungserklärung**

ከም ቅድመ ኩነት፡ ነቲ ዝወሃበኒ ኣገልግሎት ብመሰረት SGB II ኣገልግሎት ብሕጊ ናይ ዑቕባ AsylbLG ምስ ተቐበልኩዎ፡ ነቲ ዘለኒ ዶኩመንትታት ናብቲ ኣብ ከባብየይ ዘሎ ናይ ስራሕ ቤት ጽሕፈት ጆብሰንተር ዊዝባደን ብመገዲ እቲ ናይ መሰረታዊ ውሕስና ወሃቢ ናይ ዑቕበኛታት ከመሓላልፎ ይሰማማዕ።

ኣነ፡ ከም ቅድመ ኩነት ኣብ ምውዳእ ናይቲ ውሁብ ትኾነ ሓንቀጽ (SGB II) ብ መሰረት SGB XII ዝወሃበኒ ኣገልግሎት ንኽምርኰስ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ናይ ፍቓድ ዘመልከትኩሉ ናብ ናይ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት( Kommunalen Jobcenter) ከምኡውን ናይ ዑቕበኛታትን መነባበሪ ቤት ጽሕፈትን ቅዳሕ ክመሓላለፈለይ ይሰማማዓሉ።

ኣነ፡ ነቲ ናይ ግለይ ዝምልከት ሓበሬታ ከም ንኣብነት ኣድራሻይ፡ ናይ ሞያይ ንጥፈታትን ናይ ዘሎ ክውንነተይን ከምእውን ስራሕ ንምርካብ ዝጉነፊኒ ዕንቅፋታትን: ነቶም ብዛዕባ ትምህርታዊ ኩነታት ንምስልሳል ዝከታተሉ ነቲ ናይ ትምህርታዊ ሞያ ምትሕግጋዝ ዝካየድ ተኻፋልነት ይሰማማዓሉ እየ።

ኣነ፡ ብዛዕባ እቲ ውሱን ዝኾነ ዝወሃብ ሓገዝ ምስ ዝቕንስ ማለት ካብ 30% ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን: እንድህሪ ደኣ ኣብ መነባቡረይ/ገዛይ: ንኣብ ትሕቲ ሓላፍነተይ ዝርከቡ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ደቀይ ምስ ዝህልውኒ : ዞባዊ ምምሕዳር ናይ ማሕበራዊ ስራሕ (Bezirkssozialarbeit des Amtes für Soziale Arbeit): ክሕበሩ ከም ዘለዎም ተሓቢረ ኣለኹ::

ኣነ እቲ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ከም ዝተዋህበንን: ንትሕዝቱኡ ብተቐባልነት ይሰመመዓሉ
ብኽታመይ የረጋግጽ። ብዛዕባ ኣብ ዝዝተውህበኒ ተተንቲኑ ዘሎ ሕጋዊ ዝኾነ ትሕዝቶ-ሰንድ ተረደኦ ከዝተዋህበንን ከምኡ እውን ከም ዝተገንዘብኩዎን የአረጋግጽ።

ቪዝባደን, ዕለት/Wiesbaden, den

______________________________
ክታም
ቅዳሕ/ሰነድ፡ ንኽተሓባበር ዘለኒ ሓላፍነትን ሓፈሻዊ ሓበሬታን

______________________________
Unterschrift
Anlage: Mitwirkungspflichten und allgemeine Hinweise

## ናይ ምትሕብባር ሓላፍነትን ሓፈሻዊ ሓበሬታ

**Mitwirkungspflichten und allgemeine Hinweise**

## ዓንቀጽ ሕጊ § 1 Absatz 1 SGB II

ስራሕ እናደለዩ ብሓልዮት ማሕበራዊ ሕብረተ ሰብ ንዝነብሩ ሰባት፡ ካብቲ መሰረታዊ ናይ መነባብሮ ውሕስናኦም ሓሊፉ፡ መነባብሮኦም፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ምወላን ይኽውን። ብርዱእ ምኽንያት ዕንቅፋታት ምስ ዘይህልዎም፡ ሞያ ንኽህልዎም ንዝግበረሎም ምትሕግጋዝ ክድግፉዎን፡ ወይ ነቲ ዘለዎም ሞያ ንኽዕቅብዎን፡ ሰሪሖም ንኽነብሩ ክጽዕሩን ሓላፍነት ኣለዎም። ናይ ሰብኡትን ኣንስትን ናይ ማዕርነት መሰል ክቕበልዎን ክከታተልዎን ኣለዎም።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 10 Absatz 1 SGB II

ዝኾነ ይኹን ሰብ ክሰርሕ ዝኽእን: ዝኾነ ዝተዋህቦ ስራሕ ናይ ግድን ይኽውን::ይኹን ደኣምበር፡ ንሓደ ፍሉይ ስራሕ ብናይ ሰውነቲ ጥዕና ምስኣን፡ ና ሓንጎሉ ወይ ስነ ኣእምሮኡ ድኽመት ምኽንያት ንኽሰርሖ ኩነታት ምስ ዘይፈቕደሉ፡ ወይ ብምኽንያት ናይቲ ዝጸንሖ ስራሕ ናይ ሰውነት ድኻም ፈጢሩሉ ነቲ መጻኢ ስራሑ ከካይድ ምስ ዘይክእል፡ ወይ'ውን ብምኽንያት ናቱ ወይ ናይ መናብርቱ ቆልዓ ምዕባይ ይኩን ወይ መናባብርቱ: ፍሉይ ረድኤቱ/ሓገዙ ዘየድልዮም ምስ ዝኸውን፥ ወይ ድማ ሓደ ውላድ 3 ዓመት ዕድመ ዝመልኤ ቈልዓ ከም ግቡእ ኣብ ሓደ ናይ መዓልታዊ-ማእለያ ቆልዑት ኪንደርጋርተን: ብመሰረት ዝኾነ ሕጊ (ሻሙናይ መጽሓፍ ወይ ብኻልእ ውሑስ መንገዲ)ዝፈቕዶ ክእለ ስለ ዝኽእል፥ ሓደጋ የብሉን።
ናይቲ ከባቢ ሓላፍነት ተቐበልቲ፡ ነቶም ዝሰርሑ ወለዲ ቀዳምነት ብምሃብ፡ ንቆልዑቶም ናይ መዓልታዊ ሓልዮታዊ ኣገልግሎት ከቕርቡሎም እንተዘይክኢሎም: ወይውን ንኽሰርሑ ካልእ ኣገዳሲ ዝኾነ፥ ፍሉይ ምኽንያት ምስ ዘይህሉ፡ ንሓደ ስራሕ ብቑዕ ዝኾነ ሰብ ክሰርሕ ቅቡል እዩ።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 31 SGB II (Auszug)

ናይ ስራሕ ብቕዓት ዘለዎም እሞ ናይ ክግልገሉ መሰል ዘለዎም ሰባት፡ ብጽሑፍ ብዛዕባ ሕጋዊ ሳዕቤናት ተነጊሩዎም ወይ ፈሊጦም ክነሶም ሓላፍነቶም ዝጕድኡ

1. ነቲ ዝወሃቦም ናይ መነባብሮ ውዑል ምስ ዝነጽጉ ወይ ነቲ ኣብቲ ናይ ምምሕዳር መዝገብ ብመሰረት ዓንቀጽ§ 15 Absatz 1 Satz 6 ተታሒዙ ዘሎ ናይ ሓላፍነት ውዑል ምስ ዘይትስከሙ፡ ብፍላይ ከኣ እኹክ ዝኮነ ጻዕሮም ብጭብጢ ምስ ዘርእዩ:

2. ሓደ መጠነኛ ዝኾነ ስራሕ፡ ትምህርታዊ ስልጠና ምውሳድ፡ ወይ ድማ ናይ ኣጋጣሚ ናይ ስራህ ዕድላት ብዓንቀጽ § 16d ምስ ዝርከብ ወይ ውሱን ደሞዝ ዝኽፈሎ ግዝያዊ ስራሕ ብዓንቀጽ § 16e ምንጻግ፥ ምዕንቃጽ ወይ ብባህርያትካ ንኽይስራሕ ምኽልካል

3. ሓደ ቅቡል ዝኾነ ስጉምቲ ምስቲ ክትወሃሃዱ ምስ ዘይትገብሩ፡ ምስ እተቋርጹዎ ወይ ንኽቋረጽ ሳዕቤን ምስ ትኾኑ:
እዚ ግን ነቶም ናይ ስራሕ ብቕዓት ኣልዩዎም፡ ኣገዳሲ ምኽንያት ምስ ዘቕርቡ: ኣየገልግልን።

ሓደ ናይ ሓላፍነት ምንጻግ፡ ካብቶም ናይ ስራሕ ብቕዓት ዘለዎም ሰባት ኣብ ግምት ክእቱ ዝኽእልውን ከምዚ ዝስዕብ

1. ንስኹም፡ 18 ዓመት ዕድመ ምስ መላእኩም፡ ንኣታዊታቶም ወይ ዕቑር ሃብትኹም መታን ናይ ስራሕ-ኣልቦ II (Arbeitslosengeldes II) ገንዘብ ክፍሊት ንኸተልዕልዎ ኢልኩም ኣትሒትኩም ምስ ተቐርቡ፡

2. ናይ ሕጋዊ ሳዕቤን ተነጊሩኩም ወይ ትፈልጥዎ ክነስኹም፡ ዘይጠቅም ባህርያትኩም ምስ ትቐጽሉዎ

3. ናይ ስራሕ-ኣልቦ ክፍሊትኩም መሰልኩም ይጠፍእ፡ ምኽንያቱ እቶም ናይ ስራሕ ቤት ጽሕፈት ወከልቲ ምጥሓስ ሕጊ-መሰረት ኣብናይ ውሁብ ዝኾነ ናይቲ ሳልሳይ መጽሓፍ (Dritten Buches) ስለ ዝረኸቡ፡ ናይ እገዳ ውሳኔ ወይ ናይ መሰል ምስራዝ ስጉምቲ ይወስዱ። ወይ ድማ

4. ንስኹም፡ ነቲ ኣብቲ ሳልሳይ መጽሓፍ (Dritten Buch) ዝተጠቐሰ ቅድመ-ኩነት ስለ ዝኣተኹም፡ ሓደ እገዳኹም ምስ ወዳእኩም፡ ነቲ ተኣጊዱ ወይ ተሰሪዙ ዝጸንሐ ናይ ሸቐለት-ኣልቦ መሰል ምኽኑይ ምግባር

## ዓንቀጽ ሕጊ § 31a SGB II (Auszug)

ኣብ ሓደ ናይ ሓልፍነት ምህሳይ ኩነታት፡ ብዓንቀጽ § 31 መሰረት እቲ ናይ ሸቐለት-ኣልቦ II መሰረት፡ ኣብ መጀመርያ ደረጃ ብ 30% ናይቲ ክሰርሕ ዝኽእል ሰብ ዘእትዎ፡ ብዓንቀጽ § 20 መሰረት፡ ካብቲ ስራሕ ብምስኣኑ ዝወሃቦ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይቕነሶ። ኣብ መጀመርያ ድጋም ናይቲ ማህሰይቲ ብዓንቀጽ § 31 መሰረት እቲ ብዓንቀጽ § 20 ናይ ክሰርሕ ዝኽእል ሰብ ናይ ሸቐለት-ኣልቦ ክፍሊት 2 ዝረኽቦ ብ60% ይቕነሶ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ቀጻሊ ናይ ሓላፍነት ጉድኣት ምድግጋም፡ ብዓንቀጽ § 31 መሰረት እቲ ናይ ስራሕ-ኣልቦ II (Arbeitslosengeld II) ሓገዝ ጨሪሱ ይጠፍእ።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 32 SGB II (Auszug)

እቶም ክሰርሑ ዝኽእሉ፡ በቲ ሓላፍነት ዘለዎ ወሃብ ሓገዝ ናብኡ ተዓዲሞም፡ ወይ ናብ ሓኪም ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓኪም ክምርመሩ ክኸዱ ብጽሑፍ ተነጊሩዎም ክነሱ፥ ምስ ዘይከዱ፡ እቲ ዝወሃቦም ናይ ስራሕ-ኣልቦ II (Arbeitslosengeld II) ሓገዝ ብ 10% ካብቲ ብዓንቀጽ § 20 ሕጊ ዝፈቐዶ ንቡር ክፍሊት ይቕነስ። እዚ ግን እቲ ናይ ኣገልግሎት መሰል ዘለዎ ሰብ ናይ ዘይመተግበሪኡ ኣገዳሲ ምኽንያት ምስ ብጭብጢ ዘቕርብ ኣይጠቕሶንዩ።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 34 SGB II

ሓደ 18 ዓመት ዕድመ ዝመልአ ሰብ፡ ደይመደይ ኢሉ ወይ እዚ ብምንጻጉ፡ ነቲ ቅድመ-ኩነት ናይቲ ኣገልግሎት ውዑል ብመሰረት እቲ ኣብ መጽሓፍ ዝተዋህበ: ንርእሱ ወይ ንምስኡ ዝነብሩ ሰባት ብዘይ ኣገዳሲ ምኽንያት ካብ ምትግባር ምስ ዝዕንቅፍ፡ ከም መተካእትኡ ነቲ ዝተኸፈሎ ኣገልግሎት ሓላፍነት ይወስድ። መሰል ናይ መተካእታ ነቲ ናይ ሕክምና፡ ጡረታን ናይ ክንክን ውሕስና‘ውን የጠቓልል። እቲ ናይ መተካእታ መሰል ምግፋፍ ሳዕቤን ናይ ድርቅና ምርኣይኩም ውጽኢት ይኸውን።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 60 Absatz 1 Erstes Buch Sozialgesetzbuch (SGB I)

እቲ ናይ ማሕበራዊ-ሓገዝ (ሶሻል) ዝሓትት ወይ ዝወስድ፡

1. ኩሉ ኩነታት ነቲ ሓገዝ ኣድላይነትን፡ በቲ ናይ ሓገዝ ወሃቢ ኣካል ዝተሓተቶ ሓበሬታታት ብሳልሳይ ኣካል ዝሰማማዓሉን፡ ዘድሊ ሓበሬታታት ብሳልሳይ ኣካል ዝምስክረሉን ክረጋገጽ ኣለዎ።

2. በቲ ወሃብ ሓገዝ ዘድሊ ሓበሬታ ኣብ ዝሕተተሉ ድማ ነቲ ሓገዝ ኣገዳሲ ዝኾነ፡ ብሳልሳይ ኣካል ዝረጋገጸሉ ለውጥታት፡ ብቕጽበት ክንገር ኣለዎ።

3. ጭብጥታት ክዳሉን ብናይቲ ኣብ ቦታ ዘሎ ናይ ሓገዝ ኣቕራቢ ኣብ ዝተሓተተሉ ክቕርብን፡ ምስክርነት ክቕርብን ወይ ድማ ንዝተሓተቶ ክተሓባበርን።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 63 SGB II

ናይ መቕጻዕቲ ሕግታት (Bußgeldvorschriften)

(1) ኣንጻር ሕጊ ብጌጋ ምርዳእ ወይ ብዘይምግዳስ

1. ብኣንጻር ዓንቀጽ § 57 Satz 1 መሰረት፡ ሓደ ዘይቅኑዕ ፡ ዘይተማልአ ወይ ብግዜ ዘይተዋህበ
2. ብኣንጻር ዓንቀጽ § 58 Abs. 1 Satz 1 ወይ ድማ 3 መሰረት ዓይነቱ ወይ ናይ ግዜ ንውሓት ናይቲ ስራሕ
   ወይ ምልዓል ናይቲ ዘእተዎ ገንዘብ ወይ ናይ ጻምኡ መተካእታ ብዘይ ትኽክል፡ ዘይተማልአ ወይ ምስክርነቱ ኣብ ዝተሓተቶ ዘይቀረበ ወይ ዘይተዋህበ።

3. ብኣንጻር ዓንቀጽ § 58 Abs. 2 ሓደ ዝምላእ ፎርም ዘይምቕራብ ወይ ብግዜኡ ዘይምቕራብ።

4. ብኣንጻር ዓንቀጽ § 60 Abs. 1, 2 Satz 1 Abs. 3 ወይ ድማ 4 Satz 1 ወይ ብናይ ግሊ መዋሊ ብኣንጻር ዓንቀጽ
   §61 Abs. 1 Satz 1 ሓደ ሓበሬታ ዘይምሃብ፡ ግጉይ ሓበሬታ፡ ዘይተማልአ ወይ ብግዜኡ ዘይቀረበ ሓበሬታ።

5. ብኣንጻር ዓንቀጽ § 60 Abs. 5 ንኽምርመር ዘይምቕራብ ወይ ንኽምርመር ብግዜ ዘይምቕራብ ወይ

6. ብኣንጻር ዓንቀጽ § 60 Abs. 1 Satz 1 Nr. 2 ናይ መጀመርያ መጽሓፍ መሰረት፡ ሓደ ነቲ መሰል ናይቲ ዝፍጸመልካ ዘሎ ሓገዝ ከቢድ ናይ ኩነታት ለውጢ፡ ብዘይ ቅኑዕ ኣገባብ፡ ዘይተማልአ ወይ ብግዜኡ ዘይተማላአ ምስ ዝቐርብ

(2) እቲ ናይ ሕጊ ምጥሓስ፡ በቲ ናይቲ ጉዳይ መዕለቢ 1 Nr. 6 መሰረት እቲ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክሳብ ሓሙሽተሽሕ ኤውሮ፡ ነቲ ዝተረፈ ድማ ናይ ክልተ ሽሕ ኤውሮ የቕጽዕ።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 66 Absatz 1 ሕገ-መጽሓፍ Erstes Buch Sozialgesetzbuch (SGB I)

ነቲ ናይ ማሕበራ/ዊሶሻል ሓገዝ ዝሓተተ ወይ ዝወስድ ሰብ፡ ናይ ምትሕብባር ሓላፍነቱ ብመሰረት ዓንቀጽ §§ 60 ff ምስ ዘየማልእ፡ በዚ ምኽንያት ነቲ ጉዳዩ ብብዝሒ የኽብዶ። ክሳብቲ ግቡኡ ዘማልእ ድማ ክሳብቲ ቅድመ-ኩነት ዘማልኦ እቲ ዝወሃቦ ሓገዛት ብምሉኡ ወይ ብኽፊል ይኽላእ። እዚ ከኣ ከከም ኩነታቱ ነቲ ኣመልካቲ ወይ ሓገዝ ተቐባሊ ደይ-መደይ ኢሉ፥ ብኻልእ መገዲ ነቲ ናይቲ ጉዳይ መብርሂ ምስ ዘኽብዶ ይትግበር።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 263 ናይ መቕጻዕቲ መጽሓፍ ሕጊ (StGB) -ጽማቕ-

(1) እቲ ባዕሉ ወይ ብሳልሳይ ኣካል ኣቢሉ፡ ኩነ ኢሉ ካብ ሕጊ ወጻኢ ናይ እቶት ሕሉፍ ጉንፆ ዝወሰድ፡ ብኡኡ ኣቢሉ'ውን ናይ ካልእ ኣታዊ ዘበላሹ፡ ወይ ብግጉይ ነጸብራቕ ዘበላሹ፡ ወይ ንኽዉን ሓቂ ጸቒጡ ጌጋ ዘተባብዕ፡ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ወይ ብናይ ገንዘብ ይቕጻዕ።

(2) እቲ ፈተነ ዘቕጽዕ እዩ።

(3) ኣብ ፍሉይ ከቢድ ጉዳይ ካብ ሓደ ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ኣለዎ።

## ዓንቀጽ ሕጊ § 1 (WoGG) ናይ መንበሪ ገዛ ሕጊ

ናይ ሓገዝ ተጠቀምቲ፡ ብዓንቀጽ SGB II ከምኡውን SGB XII መሰረት፡ ነቲ ናይ ዝነብሩሉ ገዛ ዋጋ ዝኸፈለሎም ኣብ ግምት ስለ ዝኣቱ፡ ናይ ገዛ ክራይ (ተወሳኺ ሓገዝ) የብሎምን። ናይ ሓገዝ ተቐበልቲ፡ ብኣንጻሩ፡ ናይ WoGG ብመሰረት ዓንቀጽ SGB II ከምኡውን SGB XII ናይ ኣገልግሎት መሰል የብሎምን።

Landeshauptstadt Wiesbaden
Sozialleistungs- und Jobcenter

**ሓቤረታ ብመሰረት ዓንቀጽ 13/ዓንቀጽ 14 ናይ ማሕበር ኤውሮጳ-ዳታታት ሓለዋ-መሰረታዊ መምርሒ (DSGVO)**

ምስ እዞም ዝስዕቡ ሓቤረታታት ንዓኹም ሓደ ሓፈሻዊ መግለጺ ብዛዕባ ናይቲ ናይ ግልኹም ዝምልከቱ ዝተወሰዱ ዳታታት ዝግበር መስርሕ ብኣናን ከምኡድማ ነቲ ናትኩም መሰልን ዝምልከት ካብቲ ናይ ዳታታት-ሓለዋ መሰል ክንህበኩም ንደሊ ኣሎና። እቲ ምውሳድን ከምኡድማ ኣብ መስርሕ ምውዓልን ናይ ዳታታት ዘገልግሎ፣ ንዓኹም ደገፋት ብመሰረት ናይቲ ካልኣይ ማሕበራዊ-ሕጊ-መጽሓፍ (SGB II) ክንቅርበልኩም ክንክእል ምእንቲ እዩ።

1. **ሓላፍነት ዝተሸከመ ነቲ ናይ ዳታታት ኣብ መስርሕ ምውዓል።**

Landeshauptstadt Wiesbaden
Der Magistrat
Sozialleistungs- und Jobcenter
Konradinerallee 11, 65189 Wiesbaden

2. **ናይ ምምሕዳራት ናይ ዳታታት ሓላፍነት ዝተሸከመ**

ናይ ዳታታት ሓላፍነት ዝተሸከመ ርእሰ ከተማ ክፍለ-ሃገር Wiesbaden,
ናይ ደብዳቤ ሳጹን 3920; 65029 Wiesbaden
Datenschutzbeauftragter der Landeshauptstadt Wiesbaden,
Postfach 3920; 65029 Wiesbaden

3. **ሕጋዊ መሰረታት ናይቲ ዳታታት ኣብ መስርሕ ምውዓል።**

እታ ቤት-ጽሕፈት ንመሰረታዊ ደገፍን፣ ንስደተኛታትን ነቲ ዳታኹም ኣብ መስርሕ ተውዕሎ፣ ናቲ ንዓኹም ናይ ደገፋት ብመሰረት ናይቲ ካልኣይ ማሕበራዊ-ሕጊ-መጽሓፍ (SGB II) ኣብ መስርሕ ከተውዕሎን፣ ከምኡድማ ነቶም ደገፋት ድማ ብዝከኣል ክትቕርበልኩም ንኽትክእል ማለት እዩ። እቲ ምውሳድን ከምኡድማ ኣብ መስርሕ ምውዓልን ነቲ ናትኩም ዳታታት ድማ፣ ኣብ ነፍስወከፍ ኣድላዪ ዝኾነ ዳታታት ዝተሓጸረ እዩ። ሕጋዊ መሰረታት ናይቲ ዳታታት ኣብ መስርሕ ምውዓል ከኣ፣ ኣብቲ ሓደ ናይ ሕጋዊ ዕዮን ግቡእነት ምምላእ ዓንቀጽ 6 ምዕራፍ 1 ፊደል c ከምኡድማ e ከምኡውን ዓንቀጽ Art. 9 ምዕራፍ 2 ፊደል b DSGVO ዝተተሓሓዘ ምስ ዓንቀጽ § 35 ማሕበራዊ-ሕጊ-መጽሓፍ ቀዳማይ መጽሓፍ (SGB I) ዓንቀጽ §§ 67 ff ማሕበራዊ-ሕጊ-መጽሓፍ ዓሰራይ መጽሓፍ (SGB X - ማሕበራዊ ምምሕዳራዊ ምኽያዳትን፣ ማሕበራዊ ዳታታት ዕቀባን) ዓንቀጽ §§ 50 ff. SGB II ከምኡውን ፍሉይ ዝኾነ ሕጋዊ መምርሒታትን እዮም።

ክሳብቲ ንሕና ኣትሪርና ነቲ ናይ ዳታታት መስርሕ ንምትግባር ናትኩም ክትህቡና ዘይሓተትናኩም፣ እምበኣር ኣቲ ናይ ሕጋዊ መሰረታት ናይቲ ዳታታት ኣብ መስርሕ ምውዓል ዓንቀጽ 6 ምዕራፍ 1 a ከምኡውን ዓንቀጽ 9 ምዕራፍ 2 a DSGVO ዝተተሓሓዘ ምስ ዓንቀጽ § 67 b ምዕራፍ 2 SGB X.

1. **መስመራት ብዛዕባ ናይ ግልኻ ዝምልከቱ ዳታታት**:

እዞም ዝስዕቡ ናይ ግልኻ ዝምልከቱ ዳታታት፣ ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ንመሰረታዊ ደገፍን፣ ንስደተኛታትን ኣብ ናይ ነፍስወከፍ ብመሰረት ሕጋዊ ዝተወሃበ ትእዛዝን ሕጋዊ መሰረትን ክውሰዱን ክስረሐሎም ይከኣሉ እዮም።

**መሰረታዊ ዳታታት**:

ናይ ዓሚል ቁጽሪ፣ ናይ ማሕበራዊ ደገፍ ኣድላይነት ቁጽሪ፣ ስም ኣቦ፣ ስም መጸውዒ፣ ዕለተ ትውልዲ፣ዝተወለደሉ ቦታ፣ ናይ ዝተወለደሉ ስም፣ ኣድራሻ፣ ዚግነት፣ ስድራቤታዊ ኣቓምካ፣ ጾታ፣ ናይ ግብሪ መኸፈሊ መንነት፣ ናይ መንበሪኻ ፍቓድ ኩነታት፣

CNP/PKZ ቁጽሪ፣ ናይ ዝተመደብካሉ ቁጽርን፣ ዝተመደብካሉ ዕለትን፣ AZR ቁጽሪ፣ ጥሮታን-/ማሕበራዊ-ውሕስንትካ ቁጽሪ፣ ዓቓን ኣካላዊ ተኣላይነትካ፣ ናይ ከቢድ ስንኩልነትካ ዓቓኑን ምልክታቱን፣ ቁጽሪ ተለፎን (ነጻ ድልየታዊ ምሃብ), ኢ-መይል ኣድራሻ (ነጻ ድልየታዊ ምሃብ) ፣ ናይ ባንክ መራኸቢታት።

**ተወሳኺ ምናልባታት ብዛዕባ ንናይ ግልኻ ዝምልከቱ ዳታታት:**

ናይ ዝተወሰነልካ ግዜ፣ ብዝሒ ደገፍ፣ ዓይነት ደገፍ፣ ዳታታት ብዛዕባ ኣታውን ሃብትን-ኩነታት፣ ዳታታት ብዛዕባ ናይ ንውሕን ከምኡድማ ዝውደኣሉን ናይ ዝተቖጸርካዮ ስራሕ ኩነታትን ከምኡውን ብዛዕባ ወሃብ ስራሕን፣ ዳታታት ብዛዕባ ንመናበዪ ትሸፍሎን- ወይድማ ትሸፍሎ ዕዳን፣ ናይ ዝሕረጀካ ነገር ዳታታት፣ ዳታታት ብዛዕባ ናይ ዝተኸሰስካዮ ብምኽንያት ናይ መምርሒታ ዘይምኽባር-ሕጊ (OWiG) ፣ ዳታታት ብዛዕባ ናይ ክራይ ኩነታትን ብዛዕባ ናይቶም ትነብረሉ ገዛ ዘድልይዎን ከምኡውን መሞቑኡን፣ ዳታታት ብዛዕባ ሕክምናውን-ናይ ኣካላዊ ኣለያ ውሕስንትን ከምኡድማ ብዛዕባ ናይ ጥሮታ-ውሕስንትን፣ ዳታታት ብዛዕባ ጥዕናን፣ ሓቤረታ ምሃብ ብዛዕባ ናይ ብሕጊ ዝተወሰነካ ኣላይን/ኣብ-ክንዳኻ-ከውስን-ዝተመዘዘን ከምኡድማ ኣለያኻ ዝወሰደን፣ ዳታታት ብዛዕባቶም ዝተወሰዱ ሓገዛትን፣ ብዛዕባ ስድራቤታዊ ኩነታት ምሕባርን፣ ሓቤረታ ብዛዕባ ናይ ዘለኻዮ ኩነታትን (ታሪኽ-መዋእልካ), መመስከሪታት ምቕራብ ብዛዕባ ዝበጻሕካዮ ትምህርትን ዝተመረቕካዮ ትምህርትን።

2. **ናብ ካልእ ምትሕልላፍ ብዛዕባ ንናይ ግልኻ ዝምልከቱ ዳታታትን፣ ከምኡውን ምውሳድን ንናይ ግልኻ ዝምልከቱ ዳታታትን:**

ንሰባት ዝምልከቱ ዳታታት ብሕጋዊ ዝተፈቐደን መምርሕን ጌርካ ምኽንያት ጥራይ እንተኮይኑ (ብፍላይ እኳ ብምኽንያት ናይ ዳታት ዕቀባ ሕጋውነት መምርሒታት ናይ SGB X) ናብ ሳልሳይ ክመሓላለፉ ዝኽእሉ ከም ንኣብነት: ካልኦት ናይ ማሕበራዊ-ደገፋት-ምሃብ-ተሸከምቲ (ንኣብነት ናይ ጥሮታ ውሕስንት፣ ሕማምን-ኣለያን ውሕስንት) ፣ ሃገራዊ ናይ ስራሕ-ኤጀንሲ፣ ናይ ፋይናንስ ቤት ጽሕፈታት፣ ናይ ቀረጽ ምክፋል ምምሕዳራት፣ ናይ ብገበን ዝከታተላ ምምሕዳራትን ከምኡድማ ምምሕዳራት ናይ ሓደጋታት ምክልኻልን (ከም ንኣብነት ፖሊስ፣ ዓቃቢ-ሕጊ ቤት ጽህፈት፣ ሃገራዊ-ቅዋም ምክልኻል) ፣ ቤት ፍርድታት፣ ካልኦት ሳልሳይ ከም ንኣብነት ኮሙናዊ ቤት ጽሕፈታት፣ መንግስታዊ-ፕረሲዲዩም Darmstadt፣ ናይHessisches ሚኒስትሪ ንማሕበራውን ምውህሃድን፣ ሃገራዊ ሚኒስትሪ ንስራሕን ንማሕባራውን፣ ሃገራዊ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ንግብሪ ምኽፋል፣ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ንካብ ሃገር ምስዳድን ስደተኛታትን፣ ሃገራዊ ናይ ወጻኢታት ምቁጽጻር ምምሕዳር፣ ካልኦት ብናይ ምጽራይ ስልጣን ምምሕዳራት ናይ ክፍለ-ሃገርን ከምኡውን ናይ ክፍለ-ሃገር ርእሰ ከተማ Wiesbaden ፣ ዝተወሃቦም ስርሒት ዝሰርሑ (ከም ኣብነት IT-ኣገልግሎት ክኢላ) ፣ ኣካራዪ (እንተድኣ ነዚ ሰብ ብቐጥታ ክኽፈል ዝግበር ኮይኑ) ፣ ብሓይሊ ኤለክትሪክ ዘሰናድእ (እንተድኣ ነዚ ሰብ ብቐጥታ ክኽፈል ዝግበር ኮይኑ)፣ ብምኽንያት ዕዳ ምምኻር ምርካብ ( ጥራይ ብድልየት ናይቲ ዘጋጠሞ) ብምኽንያት ወልፊ ምምኻር ምርካብ (ጥራይ ብድልየት ናይቲ ዘጋጠሞ) ፣ ስነ ኣእሙራውን-ማሕበራውን ምምኻር ምርካብ (ጥራይ ብድልየት ናይቲ ዘጋጠሞ).

እቲ ምውሳድ ንናይ ግልኻ ዝምልከቱ ዳታታትን፣ ብመሰረቱ ኣብቲ ንዕኡ ዝምልከቶ ሰብ እዩ ዝፍጸም። ኣብቲ ሓደ ናይ ሕጋዊ ዝኾኑ መሰረታት ወይድማ ኣብ ናትኩም ምስምማዕን ኣብ ዝቐረበሉ እዋን፣ እቶም ዳታታት ወላ ኣብ ካልኦት ሕብረተሰብኣዊ ትካላት እውን፣ ከም ኣብነት ካልኦት ማሕበራዊ-ደገፍ ምሃብ ተሸከምቲ ዝኾኑ፣ ክውሰዱ ይከኣሉ እዮም ።

1. **ንውሒ ግዜ ናቶም ዳታታት ተሰኒዶም ዝጸንሕሉ፣**

እቲ ንውሒ ናይቶም ዳታታት ሰኒድካ ምሓዝ ግዜ ዝውስን፣ ካብቲ ናይቶም ዝተፈላለዩ ሕጋዊ ናይ ዓቂብካ ምሓዝ ግዜ ገደብ እዩ ዝምልከት። ኣብቲ ንምክፋል ዝዛመድ ዝተግብሩ ሕሉፋት፣ ኣብ ኩሉ ልሙድ 10 ዓመታት እዩ ዝወሰድ። እንተኾን ግን ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት ክሳብ 30 ዓመታት ድሕሪቲ ናይ ደገፍ ምሃብ ፍጻሜ እውን ክድንጉይ ይኽእል እዩ።

2. **ናትኩም መሰል፣**

ኣብ ናትኩም መሰል ናይ ሓቤረታ ምርካብን፣ ምእራምን፣ ክድምሰሰልካ ምድላይን፣ ሕጹር ዝኾነ ክኸውን ኣብ መስርሕን፣ ናይቶም ዳታታት ምትሕልላፍነትን ምቅዋምን ንኹሎም እቶም ናይ ግለሰብ ዝምልከቱ ዳታታት ናይ ኣብ መስርሕ ምውዓል፣ ንሕና ኣጥቢቕና ንሕብረኩም እነሆ። ሕጋዊ መሰረታት ኣብዚ ድማ እቲ ዓንቀጽ 15 - 21 DSGVO ዝተተሓሓዘ ምስ እቲ ዓንቀጽ §§ 81, 83 ከምኡድማ 84 SGB X እዩ።

ክሳብቲ ንስኹም ዳታታት ክተቕርቡ ዘይገበርኩም ወይድማ ነቲ ናይ ኣብ መስርሕ ክውዕል ዘይተቓወምኩምን ፣ እዚ ንዓኹም ሕጋዊ ዝኾነ ጸረ ጥቕሚ፣ ከም ኣብነት ነቲ ናይ ሕጋዊ መሰልካ ምስኣን፣ ከም ዝኸወን። ብዝተረፈ እዚ ጉዳይ ክኸውን ዝኽእል

እውን፣ እንተድኣ ንስኹም ነቲ ፈቓድኩሞ ዝነበርኩም ናይ ዳታታት ኣብ ስራሕ ምውዓል እንተሲሒብኩሞ እዩ። (ዓንቀጽ 13 ምዕራፍ 2 ፊደል c ከምኡውን e DSGVO).

## 3. (Hessischer) ኣብ ሀሰን ንዳታታት ዕቀባ ክገብር ስልጣን ዝተወሃቦ።

ንስኹም መሰል ኣለኩም፣ ጥርዓን ኣብቲ ኣብ ሀሰን ንዳታታት ዕቀባ ክገብር ስልጣን ዝተወሃቦ ክተቕርቡ። ናይ ደብዳቤ ሳጹን:

(ናይ ሀሰን ንዳታታት ዕቀባ ክገብር ስልጣን ዝተወሃቦኣብ ከምኡውን ናይ ሓቤረታ ናጽነትን)
Der Hessische Beauftragte für Datenschutz und Informationsfreiheit
ናይ ደብዳቤ ሳጹን: 3163; 65021 Wiesbaden